# መድረኽ

**22 Edition 6/17/2016**

***Editor: Tesfaldet Bahlibi***


*Timely Patriot Act*

*I am hereby, as an Eritrean veteran patriot, forcefully declare my unmistakable support to the gallant Defence Forces of Eritrea and call for all the Eritreans oppositions to end their association with the deadly Eritrean enemy, The Ethiopian Government of Addis Ababa.*

## ገምጋም መጽሓፍ - Book Review



*ሌላ ምስ ጅግና፡ ስውእ ተጋዳላይ መልኣከ ተኸለ ዘርእስታ፡ ብደራሲ ገዲም ተጋዳላይ ግርማይ ቦኸረ ካሕሳይ፡ / bokrila@gmail.com / ዝፈረየት መጽሓፍ ነቢበ። መልከዕ ገበር ናይ እዛ መጽሓፍ እዚኣ፡ ከይ ገንጸልካያ ከሎኻ ጥራይ፡ ከም ሓንቲ ምጭውቲ ፍጥረት ኮይና፡ ንበበኒ _ ንበበኒ፡ እና በለት ትዕድም ዘላ ኮይኑ እዩ ዝስመዓካ። ቆንጆ መጽሓፍ። ግን ከኣ፡ መጽሓፍ ብገበሩ ኣይ ትፍረድ ዝበሃል ዘረባ ኣሎ።*

*እቲ ኣብዛ መጽሓፍ እዚኣ፡ ከም ማእከላይ ኮኾብ ኮይኑ ተሰኒዱ ዘሎ፡ ከም ኣበሃህላ ናይ ደራሲ ዝሕብሮ መጠን፡ ስውእ ሓምቢር እዩ። ስውእ ሓምቢር ማለት ስውእ መልኣከ ማለት እዩ፡፡ መልኣከ፡ ኣብ ውልድ[1] ዕድሚኡ እንከሎ፡ ሓምቢር ዝብል ሳጓ፡ ከም ዝነበሮ ተሓቢሩ ኣሎ። ኣብ ቀጻሊ ኣተዓባቢኡ እውን፡ ካልእ ሳጓታት ከም ዝጠበቖ፡ ንኡድ ብዝኾነ ከእለት፡ ንወግዕታትና ኸንዝክር ዝኩሕኩሕ፡ ናይ ደራሲ ኣደንጻዊ ኣበርክቶ፡ ንምዕባለ ስነ ጽሑፍና ዝምልከት፡ ዓቢ ግደ ከም ዘበርከተ እምነተይ እዩ። ትምህርታዊ ጉዕዞ መልኣከ፡ ራብዓይ ክፍሊ ኣብ ዓዱ ምስ ጨረሰ፡ ዝቐጸለ ትምህርቱ ድማ፡ ኣብ ኣስመራ፤ ከረንን ኣዲስ ኣበባን ኣሰላሲሉ።*

*እዛ መጽሓፍ፡ ብፍላይ ናብ ስውእ መልኣከ፡ ኣተኩራ ጥራይ ኣይ ኮነትን ተዘንቱ። ብዝያዳ እኳ ደኣ፡ ኣብቲ ኩሉ ንሱ ዝሓለፎ ዝነበረ እዋንን ቦታን፡ ኣነባብራ ማሕበራዊ ኣተሃላልዋ ህዝብና፡ ከመይ ከም ዝነበረ፡ እና ኣሳሰረት ትገልጽ። ኣቀራርባ ናይ እዛ መጽሓፍ፡ ፍሉይነት ኣለዋ። ምዕራፍ[2] ብምዕራፍ ዘይ ኮነስ፡ ከም ሓንቲ እዋናዊት መጽሔት[2.1] መሲላ፡ ክፋል ብኽፋል ናይ ብዙሓት ዕላላት ኣርኒባ ተዘንቱ።*

*ካብቲ ሓያሎይ ኣብነታት ዕላላቱ፤ መልኣከ፡ ካብ ዓዲ ነስመራ ክመሃር ምስ ወጸ፡ ንመነባበሪኡ ዝኸውን ትሕዝቶ፡ ካብ ሰድራኡ ብመንገዲ ባቡር ኣብረሸቖ ተጻዒኑ ይለኣኸሉ ከም ዝነበረ ይግለጽ። ምስ እዚ ገለጻ'ዚ ዝተኣሳሰር ድማ፡ ዘሓጉስ ተዘክሮ ይፍንቀል።*

*ሓላፊ ስታስዮነ ባቡር ኣብረሸቖ ዝነበሩ፡ ብኹሉ ህዝቢ ዓንሰባ ዝተፈትውን ዝኸበሩን፡ ሙያ ናይ ባሻይ ሱሌማን ተገሊጹ ይርከብ። ከምዚ ዝኣመሰለ ቁምነገር ሓዘል፡ ንሱ ድማ፡ ነቶም ብተኣማምነት ንህዝቦም ዘገልግሉ ዝነበሩ ሰራሕተኛት መንግስቲ፡ ዘዘኻኽር ሰነድ ምርካብና ዘሓጉስ እዩ። ኮሪዔ።*

*እዛ መጽሓፍ፡ ናይ መልኣከ ነገር ዘይ ተንከፈቶ ማሕበራዊ ናብራ የልቦን። ሓደ ካብቲ ከብድኻ ዝበልዓካ ድማኒ፡ ከም ኣጋጣሚ፡ ተጋዳላይ መልኣከ ንእግረ መንገዱ፡ ብዓዲ ንኣምን ከሓልፍ እንከሎ፡ ነብሱ ስለ ዘይ ገበረሉ፡ ንወላዲቱ እትየ ግምጃ፡ ክበጽሔን ኣላገሱ። እቲ ምስኤንን፡ ሓብቱን ኳል ሓብቱን፡ ናይ ሓጺር እዋን ዝገበርዎ ልውውጥ ዘረባ፡ ብጣሕሚ ዘደናፍቕ እዩ። ንሕና ተጋደልቲ፡ ከሳብ ክንደይ ዝኣክል ምቁር ናብራ ሂወት ከይ ነስተማቕር ኣዋዲቕና፡ ምእንቲ ነዛ ግናይ*

*ዝኾነት ሃገር እንክንብል፡ ኣብ ክንዲ ንስድራና፡ ንዓዓ ተወፊና ምስ ወፈርና፡ ኣዴታትና ክሳብ ክንደይ ከም ዝተሃስያ፡ ናይ ወይዘሮ ግምጃ፡ ምስ ወደን ተጋዳላይ ዝርርብ፡ ንናይ ኩለን ኣዴታት ልቢ ተንከፍ እዩ።*

*ጅግና ሰውእቲ ተጋዳሊት ኣለም መብራህቱ እውን ርኽክባ ምስ መልኣከ ኢንታይ ከም ዝነበረ፡ ተተንኪፉ ኣሎ። ንሳ ሓንቲ ካብተን ጀጋኑ ፈዳይን፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ኮይና፡ እና ሰርሔት እንከላ፡ ብጸላኢ ምስ ተታሕዘት፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ሑሱም ጸበባ፡ ዘሕለፍት እያ። ድሒራ ከኣ ኣብ ስደት ተሰዊኣ። ጅግና ሰውእቲ ተጋደሊት ኣለም መብራሕቱ፡ ካብ መተዓብይታ ዝፈተሸክዎ ሓቤረታ ከም ዝብሎ፡ ፍልይ ዝበለት ሓርበኛዊት ፍጥርት ከም ዝነበረት እዩ። ንሳ ካብቶም ጸጋ ዝተ ዓደሎም ስድራ ዝተወልደት ኮይና፡ ኣብ ጣዕምን ሕንቅቕትን ናብራ እንከላ፡ እንታይ ከም ዘርእያ፡ ሰውርቲ ተጋዳሊት ናይ ከተማ ኮይና ምስ ብጻይታ ብርኽቲ ፍስሃየ(ጓል ብርጅዋ* [gualburjua](gualburjua) *) ኣብ ፍጻሜታት እንከለዋ ብጸላኢ ተረኪሰን። ኣብ ካርሸሊ ከኣ ደምዲመን።*

*ንመጽሓፍ ጓል ብርጅዋ ብዕምቀት ንዝተንተነ፡ እዘን ዕንቡቫት ቆሉዑት እዚኣተን፡ በቶም ንዓታተን ዝመርሑወን ዝነበሩ፡ ፈዳኢን ተጋደልቲ ጀብሃ፤ ምናልባሽ መልኣከ ዝርከቦም ከኾኑ ይኽእሉ፤ ጥንቁቕ ዝኾነ መምርሒ፡ ነይሩወን እንተ ዝነብር፡ ኣብ ኢድ ጸላኢ፡ ኣይ ምተሸምሻማን ነይረን፡ ኣብ ዘብል መደምደምታ ክብጸሕ ይከኣል እዩ። ዝኾነ ኾይኑ፡ ክብርን ዝኽርን ንሰውኣትና።*

*እዘን ሃማደኣ፡ ዝጠቕማ እንተ ደኣ ኮይነን፡ ታሪኻዊ ጅግነትን ኣሰዋውኣን፡ ናይ ተጋደልቲ 1) ኣለም መስፍን 2) ኣለም መብራህቱን ከዘንትዋለን ምተገብኤ። ሓርበኛታት ናይ ጀብሃ ስለ ዝኾና ድየን፡ ደመን ከም ደም ኣኽላባት ተቖጺሩ፡ ንሃማደኤ ዕጅብ ዘይ ብለን?  ክሳብ ሕጂ በጽሒዮ ዘሎኹ ፍተሻ፡ ክረጋገጽ ዝኽእል እንተ ደኣ ኮይኑ፤  እታ ቀዳመይቲ ኣብ ዕጥቂ ብረት እንከላ፡ ዝተሰውኤት ተጋዳሊት ጀብሃ፡ ኣለም መስፍን እያ። ንሳ ናይ ኣንስትይዮ፡ ዓዋተ እያ ከም እምነተይ።*

*ከምኡ ድማኒ፡ ባቡር፡ ኣብ ፎሮብያ ኣስመራ ምስ በጽሔ፡ እቲ ካብ ኣቑርደት ኣትሒዙ ክሳብ ኣሰመራ፡ ንመሸጣ ዝውዕል ኣቑሕት ወይ ኣሰቤዛ፡ ከም ዕንጸይቲ/ዕንጨይቲ/ ብፍላይ፡ ተሸኪሙዎ ዝመጽእ ዝነበረ፡  ብዙሓት ሽመቲ ኣብ ፎሮብያ፡ ተሰሪዖም ክጸበዩ ምስ ጸንሑ፡ ሸው ንሸው ይመናጠልሉ። ደቂ ዓንሰባ ተመሃሮ ከም በዓል መልኣከ ከኣ፡ እቲ ካብ ስድርኦም ዝተላእከሎም ዕንጸይቲ ምስ ኣራገፉ፡ ሹው ንሸው ሸይጦም ናብራኦም የካይዱ። ጉሩም ዝኾነ ኣቀራርባ ደራሲ ዝምስገን እዩ። እዚ ከምዚ ዓይነት፡ ኣቀራርባ ድርሰት፡ ነቲ ማሕበረ ሰብ ዓንሰባና፡ ዝሓለፎ ዝነበረ፡ ናብራ ሂወት፡ ኣዘካኺሪ ስለ ዝኾነ፡ ርዝነቱ ብጣዕሚ መሃሪ እዩ።*

*ከምኡ ድማኒ፡ ናይ መኻርይቱ ተመሃሮ፤ ናይ መማህርቱን መማህራኑን . . . ወዘተ፡ ከምታ ዝነበረታ ገይራ  ምስ ክንደይ ወግዕታቱ  ቁልጭ ኣቢላ ተብርሃልካ። ብፍላይ ከኣ፡  ምስ መምህር ግረጅ፡ ርእሰ መማህራን ቤት ትምህርቲ፡ ቤት ገርጉሽ ዝነበሩ፡ መልኣከ  ምስኦም፡ ከም ዉሉድን ወላድን ኮይኖም ብቓላት ክታረኹ እንከለው፡ ብጣዕሚ ጉሩም ብዝኾነ ኣገላልጻ፡ ክርትም ኣቢሉ ክሳብ ትስሕቕ ይገብረካ። ንመምህር ግረጅ ዝምልከት ገለጻ፡ ኣማን ብኣማን ልክዕ እዩ።*

*እዛ መጽሓፍ፡ ካብ መጀመርታኣ ክሳብ መወዳእታኣ፡ እቲ ኣመሓላሊፉቶ ዘላ ሕመረት ቴማ፡ ተጋዳላይ መልኣከ ተኸለ፡ ካብ ዝፍጠር ኣትሒዙ ክስሳብ መቕዘፍቱ፡ ክሳብ ክንደይ ደፋር፤ ቆራጽ፤ ጅግና . . . ወዘተ፡ ከም ዝነበረ ትሕብር። ጅግንነት መልኣከ፡ ፍልዩነት ኣለዎ ድዩስ ወይ ድማ የልብሉን ግን፡ ናይ ነባቢ ሚዛን ይሓትት። ከም ኣቀራርባ ናይ ደራሲ ግን፡ ጅግንነት መልኣከ ፍሉይነት ከም ዘሎዎ ገይሩ እዩ ዝእምተልካ።*

*እቲ ዝበዝሐ ክፋል ናይ እዛ መጽሓፍ፡ ናይ ተመሃሮ ዩኒቨርስቲ ቀዳማዊ ሃይለ ስላሰ፡ ንቕሎኦም ካብ ኤርትራ፡ ብኣውቶቡሳት ናይ ሰታየ፤ ጉዕዞ ካብ ኣስመራ ንኣዲስ ሸው እናበለ የእትወካ፡፡ ሓደ ውሩይ ኣውቲስታ ኣውቶቡስ ሰተዮ ዝነበረ፡ ፍራንኮ ዝበሃል ዜጋ ግን ኣይ ተዘከረን። በለስ ሰገነይትን በለስ ዓዲ ንኣምንን፡ ከይተረፉ እየን፡ እንታይ እንታይ ከምዝምቅራ ተዘኪረን ዘለዋ።  ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዘካይድዎ ዝነበሩ ርሱን ሶውራዊ ንቕሓት፡ ሓደ ካብኣቶም መልኣከ ደኣ እዩ እምበር፡ ናይ ብሕቱ ጅግንነት ብፍላይ፡ ከም ዘይ ነበረ ትርዳእ። ደራሲ ግን፡ ንመልኣከ  እና ጠቐሰ፡ ናይ ሓያሎይ እኩባት ተመሃሮ ምንቅስቓሳት፡ ብዕምቀት ስለ ዝገልጽ፡ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እኳ እንተ ኾነ፡ "ንቕልዓ ክብላ ይበልዓ" ከም ማለት ኮይኑ ዘሰምዕ እዩ።*

*ማለትሲ፡ ዝና ናይ ተመሃሮ ዩኒቨርስቲ ሪቮሪሽናዊ ኣበርክቶ ምዝንታው፡ ኣገዳሲ እኳ እንተ ኾነ፡ ነብሱ ዝኸኣለ ናይ ባዕሉ ታሪኽ ክህልዎ ስለ ዝኽእል፡ ንመልኣከ ከም መጎራበቲ ኮረሻ ኣምሲልካ፡ ናይ ውሱናት ኣስማት ተመሃሮ ብምጥቃስ ጥራይ፡ ዝቐርብ ጸብጻብ ግን፡ ምልኣተ ጎደል ናይ ታሪኽ ክህልዎ ስለ ዝኺል፡ ውዱእ ጸብጻብ ነይሩ እንተ ዝነብር ነይሩ፡ ኣዓርዩ ምሓገዘ። ይኹን ደኣ እምበር፡ ደራሲ በታ ንዑኡ ትጥዕም ሜላ ተጠቒሙ፡ ኣሰላሲልዎም ዘለዉ ቁምነገራት ዝመስገን እዩ። ኣድንቆተይ ከኣ በሪኽ እዩ።*

*እቲ ብዛዕባ ናይ'ቶም ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ዝምልከት ፈሊጣዊ[3] ምንቅስቓሳት፡ ከም ዕላል መሲሉ ስለ ዝቐረበ፡ ንቕድሚት ምስ ከደ፡ እንደገና ድማ፡ ብተደጋጋሚ ንድሕሪት ስለ ዝመልሰካ፡ ድኻምካ ከይ ጸብጸብካ፡ ክትገላበጥ ዝሓትት ንባብ እዩ። እቶም ናይ ሽው ዝነበሩ መንእሰያት ተመሃሮ፡ / ዘይ ከምዞም ናይ ሕጂ ኮበለልቲ መንእሰያት/ ተማሂሮም ንነብሶምን ንስድርኦም ክሕግዙ ኣብ ክንዲ ምግባር፡ ገሊኣቶም ንሃገሮም እንክብሉ ወፊሮም ዘይ ተመልሱ፡ ገሊኣቶም ድማኒ፡ ክሳብ ሕጂ ዝቃለሱ ዘለዉ ጀጋኑ ተመሃሮ እያቶም።*

*እቶም ኣብዚ ንጥፈት እዚ ዘይ ተሳተፉ ተመሃሮ ከኣ፡ ገለ ካብ ኣቶም፡ ክሳብ ንወጻኢ ከይዶም ብትምህርቲ ክህብትሙ ምስ ጸንሑ፡ ኣጽቂጦም ድሕሪ ምጽንሖም፡ ሃገር ነጻ ምስ ወጸት ግን፡ ንኤርትራ ኣትዮም ክልቐሙጹ ፈቲኖም፡ ከሲሮም ምስ ተመልሱ፡ ሕጂ እውን፡ ተስቆርቆርቲ ናይ ሃገር መሲሎም፡ ብተግባር ግን፡ ኣዕናዊ ንጥፈታት፡ ኣንጻር ልዕላውነት ሃገረ ኤርትራ ኮይኖም፡ ዝረኣዩ ዘለዉ ኣይ ተሳእኑን።*

*እዛ መጽሓፍ፡ ኣስፍሕ ኣቢላ ዘርዚራ እንተ ትነብር፡ ወርቂ ሽልማት ኣይ ምሰኣነትን። ገለ ተመሀሮ ናይ እታ ዩንቨርስቲ ዝነበሩ፡ ኣድማዒ ተራ እና ተጻወቱ እንከለዉ፡ ብሰለይቲ ናይ ጃንሆይ ምስ ተፈድሑ፡ ንስክላ ኣምሊጦም ንሜዳ ተሰሊፎም ዝተሰዉኡ፡ እዛ መጽሓፍ ዘይ ምዝካራ ሓዚነ።*

*መልኣከ ንሜዳ ናብ ጀብሃ ምስ ተሰለፈ፡ መጀመርያ ኣብ ክፍሊ ዜና ኮይኑ፡ ከም ተጋደለ ይበርህ። ካብ ክፍሊ ዜና ቀጺሉ ድማኒ፡ ናብ ወተሃደራዊ ስራሓት፡ ከም ሓላፊ ናይ ሓንቲ ጉጅለ ኮይኑ፡ ከም ዝተመዘዘ ተነጊሩ ኣሎ። ድሕሪ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባአ ናይ ጀብሃ ድማ፡ ብደረጃ ፈጻሚነት[4] ኣማሓዳሪ ናይ ክፍሊ ሃገራዊ ሓለዋ ጸጥታ ኮይኑ፡ ከም ዝተሰርዔ ተሓቢሩ ኣሎ። እቕሬታ እና ሓተትኩ፡ ደራሲ ረመጽ ሓዘል ዝነበረ ኩነታት ጸሕቲሩ ከብቅዕ፡ ሽፈፍ /እልትፋፍ/ ኢሉ ስለ ዝሓለፎ፡ መልሓሰይ ደም ክሳብ ዝሰርብ ክዛረብ እኳ እንተ ነደረ፡ ንስለ ሓልዮት ሓድነት ኩቡር ህዝቢ ኤርትራ ግን፡ ዝሑል ማይ ስትየ ክሓልፎ መሪጸ። ዓቕሊ ዋጋ በቕሊ፡ ከም ማለት።*

*እዛ መጽሓፍ፡ ኣብ ኩሉ ውዕሎታት ናይ መልኣከ፡ ኣመልኪታ ትተናኽፍ እያ። ንኣድንቖት መልኣከ ከም ምኳኑ፡ መሲሉ እና ኣስምዔት፡ ቀጥታዊ ምትእስሳር ምስ መልኣከ፡ ዘይ ነበሮ ውዕሎታት፡ ከም ምስ ናይ በዓል ጆግና ተጋዳልይ ዓብደላ ሓሰን፡ ካብ ማእሰርቲ ኣምላሉቛ ተምጽኣልካ። ከምኡ እውን፡ መልኣከ፡ ኣብ ክፍሊ ሃገራዊ ሓለዋ ጸጥታ ዝነበሮ ተራ፡ ከመይ ከም ዝነበረ ክዓሙቕ ዝነበሮ ክፋል የሎን፡፡ እንተ ዝዓሙቕ ነይሩ፡ መልኣከ ናይ እዚ ቤት ጽሕፈት እዚ፡ ምሉእ ብምሉእ ቁጽጽር ከም ዘይ ነበሮ ክበርህ ምኸኣለ ነይሩ።*

*የግዳስ፡ ኣብ ሞንጎራይብ ዝመደበሩ፡ ብእብራሂም ዓሊ ኑር ዝምእከል፡ ማእከላይ ምሕደራ ሃገራዊ ጸጥታ ጀብሃ፡ /እዳራ ኣል ኣሚን/ ናይ መልኣከ ቁጽጽር ዝጎደሎ ኮይኑ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ቁ. ምምሕዳራት፡ በቶም ከም ናይ እዳራ ኣዘዝቲ ኮይኖም ዝፍለጡ ዝነበሩ፡ ከም በዓል ተጋዳላይ ወዲ ጅብሪልን፤ ተጋዳላይ ዓንደኣብ ገብረመስቀልን፡ ተጋዳላይ ጃዕፈርን ንይምሰል ቅርጺ ምሕደራ ነይርዎም ደኣእምበር፡ ተራ ናታቶም ኣብ ኣመራርሓ፡ ጡርኑፍ ኣይ ነበረን፡ ክበሃል ይከኣል። ብሓጺሩ፡ ክፍሊ ሓለዋ ጸጥታ፡ ብኢድ ኣዙር፡ ተጎታቲ ናይ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት፡ ካብ ምኳን ድሑን ኣይ ነበረን።*

*ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ተራ ናይ ስውእ መልኣከ፡ ኣባል ፈጽሚት ኣካል፡ ናይ ገድላዊ ባይቶ፡ ከም ምንባሩ መጠን፡ ካብ 1975ዓም ኣትሒዙ፡ ክሳብ ደማዊ ቅትለቱ፡ ነቲ ኩሉ ኣብ ውሽጢ ኣመሓዳድራ ናይ ጀብሃ ዝምልከት ዝነበረ፡ ዑዙዝ ሃገራዊ ሓላፍነት ዝምልከት፡ እንኮላይ ኣብ ኣፈታትሓ ግርጭታት፡ ከም ከመይ ኮይኑ፡ በቒኡ ከም ዝነበረ፡ እዛ መጽሓፍ ስለ ዘይ ተዘንቱን፡ ሕጽረታት ከኣ ስለ ዘለዋን፡ ምናልባሽ ጎድናዊ ዝምባለ ዘስምዕ ክኸውን ይኽእል እዩ። ይኹን ደኣ እምበር፡ ክትንበብ ዘለዋ ኣገዳሲት መጽሓፍ እያ። እዚኣ፡ ምስ እተን ብቕድሚኣ፡ ካብ ተጋደልቲ ነበር ዝተጻሕፉ መጻሕፍቲ ንላዕሊ፡ ክብረት ናታ ዝያዳ ይመስል።*

ተጋዳላይ መልኣከ፡ ኣብ እዋን ዕርበት ናይ ጀብሃ እዩ፡ ብትእዛዝ ናይ ዕላማ መሓዝኡ ዝነበረ፡ ተጋዳላይ ዓብደላ እድሪስ፡ ብሓንቲ ጥይት ዘይ ኮነስ፡ ሓረምዝ ክቕበልኦ ዘይ ክእላ፡ ብናይ ክላሽናት ኣይሂ ጠያይት ተፈራቲቱ። ኣብ ገድልና፡ ብዙሕ ቅጥለታት ኣብ ልዕሊ ተጋደልቲ ይዝንቶ እዩ እሞ፡ ኣይ ከም ናይ መልኣከን። እቲ ኣዝዩ ዝኸብደካ ነገር ድማ፡ መልኣከ ንዓብደላ ከም ሓደ ገስጋሲ ተጋዳላይ ገቢሩ ይኣምነሉ ከም ዝነበረ ምስኩር ሓቂ እዩ። ሓሶት ዝብል እንተሎ፡ እወሓስ ኣግብእ ክንበሃለሉ ንኽእል ኢና።

መሬት ብእዋኑ ኣብ 1977ዓም እመስለኒ፡ ብትእዛዝ ናይ መልኣከ እዩ እኳ ክንብል እንተ ዘይ ደፈርና፡ ብኣሃዱዳት ናይ ሜዳ ክፍሊ ጸጥታ ግን፡ መጭወቲ ናይ ተጋዳላይ ሑሩይ ተድላ ባይርኡ ካብ ከሰላ ተፈቲኑ፡ ብኹፍእ ኣይ ትጥፋእ ኢሉዎ፡ ምስጢር ናይ እቲ "ዓመልያ" ስለ ዝለሓኼ፡ ገለ ኣስተውዓልቲ ተጋደልቲ ንወዲ ተላ ምስ ሓበርዎ፡ ንሱ ብቕጽበት ካብ ከሰላ፡ ንካርቱም ከምልጥ፡ እንተ ዘይ ከኣለ ነይሩ፡ ከምዚ መልኣከ ድራር ናይ ዓብደላ ዝኾነሉ፡ ወዲ ተድላ ድማ ቁርሲ ዓብደላን ብጾቱን፡ ምናልባሽ ክኸውን ምኽኣለ ነይሩ፡ ዝብል ግምት ኣሎ።

ናይ መልኣከ ኣረሻሽና፡ ኣብ ቁስን ቦታን ሰዓትን፤ ኣብ ቅድሚ ተጋደልቲ፤ "ብተመልከተለይ" ስለ ዝነበረ ኣዝዩ ፍሉይን ሓደግኛን እዩ ዝነበረ። ከምዚ ዝኣመሰለ ፍጻመ፡ ንዕቀትን ውርደትን፡ ኣብ ልዕሊ መላእ ህዝቢ ኤርትራ፡ ከም ዝነበረ እዩ ዘመስክር። እዝን ዝኸምዝን፡ ካብ ህልቂት ሓረስቶት ሸምባረ ኣብ 1967/1968ዓም፡ ዝነበረ ኣሰቃቒ ታሪኽ ክሳብ 1981ዓም መቕዘፍቲ መልኣከ ኣብ ታህዓይ፡ እንቋዕ እዛ መጽሓፍ ሀንደፍ ኣይ በለቶ። ጉሩም።

**ምኽንያቱ፡ እቲ ናይ እዚ እዋን እዚ ጠለብ፡ ዕርቂ ደኣ እምበር፡ ክሓስን ተኸሓስን ወገን የብሉን። ጉዕዞ ናይ ጀብሃ ኣብ ገርሰት ኣብ1961ዓም ዝጀመረ፡ድሕሪ ናይ 20 ዓመታት ተዋጥሮ፡ ኣብ ታህዳይ ብ1981ዓም ተደምዲሙ እዩ። እቲ ኩሉ፡ ኣብ ጀብሃ ይኹን ኣብ ሻዕብያ ፡ ኣብ ልዕሊ ኣስላም ይኹን፡ ኣብ ልዕሊ ክርስትያን፤ ኣብ ልዕሊ ገባሮ ይኹን ተጋደልቲ፡ ዝተፈጸሙ ገበናት፡ ከም መኽፈልቲ[7] ናይ ነጻነት ጌርና ዝበ ላዕናዮም፡ ኣብ 6/24/1991ዓም ተኻሒሶም እዮም። ደምም ንብላሽ ኣይ ተኻዕወን። ሓባይብ። ከም ናይ ዓሊሳሊ ማዊ ደጀን ዘተ ኣታትዎ ዘሎ፡ ውጥናት[8] ግን፡ እቲ ምድምማይ ኣብ ምንጎ ክስታንን ኣስላምን ኤርትራ፡ ክቀናደብ ከም ዘሎዎ እዩ። It ought to stop. እቲ ሕጂ ኣሰካፊ እና ኮነ ዝመጽእ ዘሎ ግን፡ ብሰንኪ ናይ እቲ ዝነቐጸ ደም ዘይ ኮነስ፡ ብሰንኪ እዚ ሕጂ ዝካየድ ዘሎ፡ ዘይ እርኑብ ተቓውሞ፡ ኣብ ሓድሽን ውዑይን ደም ሓድሕድ ክንሳተ፡ ንተዓዳደም ከምዘሎና፡ምልክታቱ ብዙሕ እዩ።**

ደራሲ፡ ንስውእ መልኣከ፡ ካብ ቁልዕነቱ ኣትሒዙ ክሳብ ዝሰዋእ፡ ኣብ ቅድሚ ዕግበቱ፡ ንዝጽንሕ ወይ ደው ንዝብል ሰብ፡ እዝግሄር ዝጸልኣሉ፡ ከም ምኳኑ የብርህ። ኣቀታትላ ናይ መልኣካ ኣብ ራሳይ፡ ደራሲ ጽሙቕ ኣቢሉ ኣቕሪብዎ ዘሎ ጭብጥታት፡ ብሻላ ማላ ዝሕለፍ ዘይ ኮነስ፡ ነባሪ ታሪኻዊ ኣምሲሑ ዘድርር፡ ሰነድ ሰኒዱ ዘኣንገደና ጅግና ተጋዳልይ ደራሲ እዩ።

ብተመሳሳልነት ድማ፡ ክሳብ ምስ ጅግንነት ጀነራል ኣማን ዓንዶም የመዓራርዮ፡፡ ብከምዚታት መዓቀኒ፡ ስውእ መልኣከ፡ ከም ተጋዳልይ መጠን፡ ጅግንነቱ ፍልዩነት ኣለዎዶ እዩ ንዝብል ሕቶ፡ ኣካትዒ ክኸውን ይኽእል እዩ። **ኣቀታትሉኡ ግን፡ ፍልዩነት ስለ ዘለዎ፡ ጀብሃ ብስውእ ዓዋተ ዝጀመረት፡ ብቅንጸላዊ መሰዋእቲ ናይ መልኣከ ከኣ ስለ ዝደምደመት፡ ክልቲኣቶም ኣብ ታሪኽ ናይ ጀብሃ፡ ኣብ ቀዳማይ መስርዕ ዘለዉ፡ ሰብ ሕላገት[5] ከዋኽብቲ እዮም።** ኣብዛ መጽሕ ዘይ ተተንከፈ ፍጻሜታት ከኣ ኣሎ።

ጀብሃ ምስ ፈሸለት፡ ርዙናት መራሕቲ ኮይኖም ዝተጋደሉ ጀጋኑ፡ ብኹፍእ ኣብ ዓዲ ዳና፡ ዝተቐንጸሉ፡- ብኸመይ? ኣበይ? መዓስ? ብመን? መንገበሮ ኮይኑ ተሰቲሩ ተሪፉ ዘሎ እዩ። እምበርዶ ንዝክሮም ኢና? ሓደ ካብ ኣቶም፡ ስውእ ስዒድ ሳልሕ ዝርከብዎ እዮም።

ስዒድ፡ ካብ ስውእ መልኣከ ብዝያዳ፡ ዝገነነ ተጋዳላይ ነበረ፡፡ ንሱ፡ ካብ ካርሸሊ ራሳይ፡ ናይ ዓብደላ ኢድሪስ፡ ብስሪኡ መሊቑ ንሱዳን ከምዝ ኣተወ ይንገረሉ። ኣብ ታሪኽ ገድሊና፡ ሓያሎይ መራሕቲ ዝነበሩ ተጋደልቲ፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ኣመሳሚሶም፡ ንኢትዮጵያ ዝሰለሙ ንፈልጥ። ጅግና ስውእ ስዒድ ሳልሕ ግን፡ ካብ ኢድ ዓብደላ ኣምሊጡ ከብቅዕ፡ ንኢትዮጵያ ኣብ ክንዲ ምስላሙ፡ ንሱዳን ሰሊሙ። ንግዚኡ ደኣ ዘደሓነ መሲልዎ እምበር፡ ኣብ ሱዳን ተቐንጺሉ። ብመን? ብሻዕብያ ዶስ ብጀብሃ? ብሻዕብያ እንተ ኾይኑ ደኣ፡ ኣብ ምንታዮም ምስ ወዓለ? እንታይከ ከይ ውድኣሎም?

*እዚ ኣቶምከ? ብመን? ብሻዕብያ ዶስ ብጀብሃ? ስውእ ዓብደላ ጺጋይ፤ ስውእ ወልደዳዊት ተመስገን፤ ስውእ ወዲ ዓጃብ?*

*መን ሕራይ፡ ብዛዕባ እዞም ስውኣት እዚ ኣቶም፡ መጽሓፍ ክጽሓፍ ዝኽእል ደራሲ እንተሎ። ግን ከኣ፡ ብኸምዚ ናይ ደራሲ ግርማይ ቦኺረ ዘበርከቶ ፍርያት ደኣ እምበር፤ ብኸምዚ፡ ከም ናይ በዓል ተስፋይ ተምነዎ ኣሰር ተኸቲሉ፡ ክንዮ ዶብ ብምስጋር እና ኣቀናደበ፡ ብዛዕባ ንኮምንዲስ ከም ኣብውር፤ ብዛዕባ ንቋንቋ ትግርኛ ዝምልከት ድማ፡ ካብ ከበሳ ሓሊፉ ከየ ስፋህፍሕ መታን ዝእግድ፤ ብዛዕባ ፍሉይ ሓልዮታዊ ክንክን[9] ንጀበርቲ ዝመሻኽን . . . ወዘተ፤ ዝጽሕፍ እንተ ኾይኑ ግን፡ ይትረፈና ይብል ኣነ።*

*ኩቡራት ነበብቲ፡ እንተ ደኣ ቅጭ ዘይ ብለኩም ኮይኑ ከኣ፡ ካብ ትሕዝቶ ናይ እዛ መጽሓፍ ወጻኢ ዝኾነ፡ ንናይ ግለይ ጭንቀት[10] ዝምልከት ነገራት፡ ከካፈኩም ድፍረት እና ተሰመዓኒ እየ። እመኑ ኣይ ትእመኑ ብዘየገድስ፡ ኣብ ድቃሰይ ይኹን ኣብ ንቕሓተይ፡ ምስ ስውኣት ብጾተይ፡ የዕልል እየ።*

*ሕጂ እውን፡ ምስ ርሱን ስሚዒታተይ፡ ምስ እዞም ሰለስተ ስውኣት ብጾተይ፡ ከዕልል ስለ ዝኾንኩ፡ እቶም ዕላል ክትሰምዑ ዝምቅረኩም ተኸታተሉኒ፡ እቶም ዕላለይ ምስ ብጾተይ ክትሰሙዑ፡ ዘይ ትደልዩ ግን ደሕን ሕደሩ።*

*ንሳቶም ከኣ፡ 1) ስዒድ ሳልሕ፤ 2) ሙስጣፋ ዓብዱን 3) ግምባርን እዮም። ግምባር ሳጓ/ለቕብ/ ናይ ኢድሪስ እዩ። ኢድሪስ፡ ብለናዊ ከረነታይ ስውእ እዩ፡፡ ንሱ፡ ቅድሚ ኣነ ምስላፈይ፡ "በሽ ካትብ" ናይ ተጋዳላይ ሓዮቲ፡ ከም ዝነበረ ይሰምዕ። ንዓይ ከኣ፡ ናይ ፈለማ ሓለቓይ ኣብ ጀብሃ ዝነበረ እዩ። ኣብ ሰዓታት፡ ምሕደራ ጸንታ ናይ መልኣከ ከኣ፡ ኢታ ናይ ሓለቓይ ቦታ ዝነበረት ብፈጸሚት ሽማግለ፡ ንዓይ ምስ ተወሃብከዋ፡ ንዑኡ ድማኒ ንደንከልያ ምስ መደብዎ፡ ብዙሕ ከይ ቀነየ ኣብኣ ተሰዊኡ። ኣብ ሓደ ድቕድቕ ጸልማት ለይቲ፡ ሓወይ ግምባርን ኣነን፡ ንሓደ ውሱን ስራሕ ክንፍጽም፡ ኣብ ንኸደሉ ዝነበርና እዋን፡ መንገድና ስሒትና፡ ኣብቲ ራሻይዳ ዝንቀሳቐሱሉ ዝነበሩ ቦታታት፡ ከም ዝበጻሕና ፈሊጥና። ኣብ ኢድ ሓደጋ ናይ ሰባት ራሻይዳ፡ ከም ዝተጻጣሕና፡ ስውእ ሓወይ ግምባር ኣደኒቑኒ። እዞም ራሻይዳ ይብለኒ፡ "እንተ ደኣ ሞድሎ ረኺቦም፡ ንዓና ቀቲሎም ዕጥቅና ወሲዶም ከይ ከጒሕፍና፡ ካብዚ ቦታ ክንዝንገር ከም ዘሎና፡ ኣዝዩ እና ተሰከፈ ይነግረኒ። ካብዚ ቦታ እዚ ክንዝገር፡ ሽለብ ገለብ እንዳ በልና ክንከይድ ከሎና፡ ኣነ ደርገፍገር እንክብል፡ ኣብ ሓደ  20 ሜትሮታት ዝዕምቆቱ ህጉም ሽለዉ ይብል። ከም ዘይ ውጻእ የለን፡ ወጺእናዮ። ካብ ኣእምሮይ ዘሕከኽ ዘረባኡ ከምዚ ይብለኒ። "እዝስ ነጻነት ምስ መጸት ነዕልለሉ ዶኾን ንኸውን።" ኣነስ የዕልለሉ ኣሎኹ፡ ንሱ ግን ስውእ ገንሸል ስለ ዝኾነ፡ ንዑኡ ኣብ ዝዝክረሉ እዋን ይጭነቕ እየ።  ንጽባሒቱ ናብ ቦታና ብደሓና በጺሕና።*

*እዋኑ ኣብ ራብዓይ ክፍላ ናይ 1974 ዓም እዩ። ብሰንኪ እቲ ኣብ ከበሳ፡ ዝተኸስተ ውግእ ሓድሕድ ምስ ሻዕብያ፡ እተን ኣብ ላዕላይ ጋሽ፡ ዝንበራና 3 "ሓርበል ዓሳባት - ደባይ ተዋጋእቲ" ተሳሒበን ንኸበሳ ደይበን። ኣነ ዝነበርኩላ ሓንቲ ተወናጫፍት ጉጅለ ነቲ ሃጋፍ ብምሉኡ ክንዓም ተመዚዝና። ሓደ ካብቲ ዘሳለጥናዮ መጽናዕቲ ንጋሽን ሰቲትን ምሕራር ብኸመይ ክንፍልሞ ከም ዘሎና ገምጊምና። ንምትግባሩ ዝኸውን ናይ ሰብን ዕጥቅን ስለ ዝሓጸረና፡ ጸብጻብና ናብ ዝምልከቶም ኣመሓላሊፍና። ድሕሪ ቁሩብ እዋን፡ ካብ እተን ኣብትሕቲ ተጋዳላይ ስውእ ስዒድ ሳልሕ ናይ ባርካ፡ ኣብ ከባቢ ኣቑርደትን ተኸረሬትን ዝመሓደራ ዝነበራ ሓርበል ዓሳብት ሓገዝ መጺኡና።*

*ስውእ ሙስጣፋ ዓብዱ፡ ምስ ሓሙሻይ ርእሱ ምስ ምሉእ ዕጥቆም መጺኦሙና። ናይ ሰለስቴና - ግምባርን ምስጣፋን ዘለዎ ኣኼባ ኣካይድና፡ እቲ ስራሕ ብኸመይ ከም ዝትግበር ወዲእናዮ። ንጽባሒቱ ከኣ ብዓውት ተተግቢሩ። ዝርዝር ናይ እቲ ስርሒት ዓቂበዮ ኣሎኹ። በቲ ስርሒት እቲ፡ ንናይ ምሉእ ጋሽን ሰቲትን ክሳብ ኣድያቦ ንምሕራር ዝከፍት ማዕጾ ተሰቢሩ። ብድሕሪኡ ብዘገምታ ጋሽን ሰቲትን ሓራ ክኸውን ክኢሉ። ነቲ ኹሉ ዝነበረ ምትንታኑ፡ ናይ ሎሚ ተበግሶ ኣይ ኮነን። እንታ ደኣ፡ ነዞም ዝጠቐስክዎም ሰለስት ስውኣት ጀጋኑ - ስውእ ስዒድ ሳልሕ፤ ስውእ ሙስጣፋ፤ ስውእ ኢድሪን (ግምባር) ምስኣቶም ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ስለ ዝሰራሕኩ፡ እየ እሞ ንስለ ዝኽርታቶም፡ ብሕልፊ ቅንጸላ ናይ ስዒድ ሳልሕ፡ ካብ ናይ መልኣከ፡ ብቦታን እዋንን እዩ ዝፈላለዮ ደኣ እምበር፡ ብናይ ሓደ ኢድ ዝተገብረ፡ ክኸውን ይኽእል እዩ፡ ዝብል ጥርጣረ ከይህሉ ንምዝኽካር እየ።    <<ገምጋም ኣብዚ ይድምደም። End of review>.*

*ናብ ዓብደላ ዘመልከተ ኣዝዩ ኣገዳሲ ንባብ፡ ተመልከት >>* [http://www.ehrea.org/dont_forget_history_05.pdf](http://www.ehrea.org/dont_forget_history_05.pdf)

## *ገለ ካብ ርክባተይ ነንበይኖም፡ ምስ ሰውኣት መልኣከ ተኽለን ዓብደላ እድሪስን*

*መልኣከ ንዓይ፡ ብስጋ ይኹን ብዓዲ ይብጽሓኒ እዩ። ብዕላማ ከኣ፡ ኣነን ንሱን ኣብ ሓደ ወፍሪ ዝነጠፍና ክነስና፡ ብናይ ቀረባን ርሑቕን ኣጠማምታ ግን፡ ጌና ኣብ 1975 ዓመተ ምሕረት ከሎና፡ ኣብ ሓጺር ደቓይቕ ተኺሪና።*

*ድሕሪ ሓደ ዓመት ኣቢሉ ይከውን ድማ፡ ኣብ መዓስከር ገረግር፡ ካብ ዓራርቦ ጸሓይ ዝጀመርናዮ ቆይቊ፡ ክሳብ ወጋሕታ ለይቲ መኘኽ ክንብል ምስ ሓደርና፡ ብዘይ ስምምዕ ተፈላሊና። ኣብቲ እዋን እቲ፡ ሓምቢርን ዓብደላ ኢድሪስን፡ ከም ኢድን ጓንትን እዮም ዝነበሩ፡ ክበሃል ይከኣል ይኸውን።*

*ብዛዕባ እቲ ሸው ዝነበረ፡ ጽንኩር ወድዓዊ ኩነታት ኣመልኪተ፡ ነቲ ኣብ ትሕቲ ትእዛዝ ዓብደላ እድሪስ፡ ዝምእዘዝ ዝነበረ ወተሃደራዊ ሓይሊ ምምሕዳር ቁ. 1፡ ከበርክቶ ዝግብኦ ምክልኻል ትሑት ከም ዝነበረ ብምግላጽ፡ ንሱ ድማ ብናይ ዓብደላ ኢድሪስ ዘይ ተገዳስነት፡ ከም ምዃኑ ገሊጸሉ። ሓምቢር ግን ንዓይ፡ ንዓብደላ ኢድሪስ ክትንክፈሉ ከም ዘይ ደሊ ኣመልኪቱ፡ ዓብደላ እድሪስ፣ ገስጋሲ ተጋዳልይ ከም ዝነበረ ገሊጹለይ። መልሲ ናተይ፡ ደሓን በል ንርእዮ እለ ኣፈይ ለጒመ።*

*ሓምቢር፡ ንሱን ኣነን፡ ኣረዳድኣና ብዛዕባ ወድዓዊ ኩነታት፡ ከም ሑቖን ከብድን ዋላ እኳ እንተ ነበረ፡ ንሱ ከም ላዕለዋይ ኣዛዚ መጠን፡ ክሳብ ክንድኡ ዝነውሕ ናይ ሓደን ሓደን ምልልስ ክንገብር ዕድል ዝሃበኒ፡ ሕጂ ተመሊሰ ክዝክሮ እን ከሎኹ፡ ከብደይ ይበልዓኒ። ዘይ ከም ሰውእ ዓብደላ።*

*እቶም ካልኦት ዓበይቲ ሰበ ስልጣን መዛንኡ ግን፡ ከቢድ ቁምነገራት ኣብ እንግድዓይ ተሸኪመዮ ኣብ ዝመጾም ዝነበርኩ ኣጋጣሚታት፡ ከብደት ቁም ነገራት ከይ መመዩ፡ ከም ሓደ ዘይ ናቶም ገይሮም ይቖበሉኒ እሞ፡ ልስሉስ ናይ መሓንቀቒ ቃላት ኣስሚዖም፡ ኣብ ምንኩቦይ እና ጠብጠቡ፡ ነቲ ከቢዱኒ ዝነበረ ጽዕነት ነገራት፡ ከየራጋፍኩ በታ ዝመጻእኩዋ ይመለስ። ከም ናይ መወእታ ኣብነት . . .*

*ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ኢድና ኮይኑ ዝፈልሕ ዝነበረ ጽንኩር ኩነታት፡ ብዛዕባ'ቲ ካብ ራማ ክሳብ ሑሞራ ዝዝርጋሕ ዝነበረ፡ ከም ኣሰያይማ ናይ ደርጊ፡ ራዛ ፕሮጀክት ተባሂሉ ዝተሰምየ፡ ጸኒሑ ብህዝባዊ ግምባር ከም ቀዳማይ ወራር ዝተሰነደ፡ ጌና ኣብ ጥንሲ ሓሳብ ናይ ደርጊ እንከሎ፡ ኣብ ጎንደር ካብ ዝነበሩ ዝነበሩ መገብቲ ሓበሬታና፡ ምሉእ ትሕዝቶ ናይቲ ራዛ ፕሮጀክት ኣረኪቦሙና። ንጀብሃ፡ እዚ ሓበሬታ እዚ ርሱንን ሓዲሽን እዩ ዝነበረ። ጽንኩሩነት ናቱ ድማ፡ ምስ መሰነይታ መግለጺ፡ ናብ ዝምልከቶም ቤት ጽሕፈታት ተመሓላሊፉ። መሪሕነት ጀብሃ ግን፡ ብእዋኑ ዝሃበና ግብረ መልሲ ኣይ ነበረን። ንትግባረ ናይ እቲ ፕሮጀክት ዝምልከት፡ ብወገና ብጥብቂ ንነዊሕ እዋን፡ ክንከታተል ምስ ጸናሕና፡ ብኮረኔል ኣጥናፉ ኣባተ ዝቕለስ ዝነበረ ምትእኽኻባት፡ ንግምባር ጋሽ ባርካ ክወርር፡ ኣብ ወገን ተከዘ ካባቢ እምባ ሊሎ ተቐሪቡ፡፡*

*ነዚ ወራር እዚ ዝምልከት፡ ብዘይካ ኣሃዱዳት ጸጥታ፡ ብወገን ጀብሃ ምድላዋት ኣይ ነበረን። በዚ ኩነታት እዚ ዝተሻቐለ ኣብ ወረዳዳታት ሸላሎንድ ኣድያቦን ዝነበረ ህዝቢ፡ ባዕሉ ንባዕሉ ንምድሩ ክከላኸል፡ ኣብ ፊት ንፊት ወራር ደርጊ ዓሪዱ። ብዘይ ኣፍልጦና ድማኒ፡ ካብ ሱዳን ከይ ተረፈ ብመንገዶም ጠያይት ሸሚቶም፡ ብኣግማል ተጻዒኑ፡ ንሽራሮ ኣቢሉ ምስ በጽሔ፡ ኣብ ኢድ ናይ ወያነ ወዲቑ። ወያነ ክወስድዎ ምስ ደለዩ፡ ልኡኻት ናይ እቶም ህዝቢ፡ ዋላ እኳ ብምስጥር ካባና ተሰዊሮም ይግበርዎ ደኣ እምበር፡ ኣብ ሒማቕ ኢድ ምስ ወደቑ፡ ክንረድኦም ብህጽጽ መጺኦሙና። ስለምታይ ካባና ተሰውርኩም ነዚ ስራሕ ፈጺምኩሞ ተባሂሎም ምስ ተሓተቱ ድማ፡ ካብ ጀብሃ ተስፋ ስለ ዝቖበጹን፡ ባዕሎም ንመሬቶምን ሰቦምን ጥሪቶምን ክከላኸሉ ተሰሊፎም ከም ዘለዉ ሓቢሮም። ነቲ ዛንታ ንምሕጻሩ፡ ምስ ወከልቲ ወያነ ተዛቲና፡፡ ካባና ዘድልዮም ነገራት ስለ ዝነበሮም ድማ፡ ነዚ ንብረት ናይ ገባሮ እንተ ወሲደሞ፡ ሓገዝና ከም ዝንፈጎም ምስ ኣብራህና፡ ነቲ ንብረት ለቒቖም።*

*እቲ ናይ ምውራር ምቅርራባት ተወዲኡ፡ ኣብ ምብጋስ ተበጺሑ እንከሎ፡ በጋጣሚ፡ ተጋዳላይ ዓብደላ እንድሪስ፡ ካብ ከበሳ ወሪዱ፡ ንእግረ መንገዱ ንባርካ ክወርድ እንከሎ፡ ኣብ ቶኾምብያ ተራእዩ። ንተኣምር እዝግሄር ካብ ሰማይ መድሓኒ ከም ዘንጠበልና ኮይኑ ተሰመዓና። ጸልማት እዩ ነይሩ። ኣብቲ ንሱ መጋርያ ኣጒዱሉ ዝነበረ ጸግዕዒ በጺሔ፡ "ሓደርና ኹሰር" እንክብል፡ እስትዕዳደይ ገበርኩ። ከምቲ ልሙድ ናይ ተጋደልቲ ሰላምታታት፡ ምስ ተወሃሃብና ኣዕሪፍና። ከም ሓለቓይ መጠን፡ ምክንያት መምጽእየይ እንታይ ከም ዝነበረ ንኽፈልጥ፡ ሸውሃቱ ዕጹው ከም ዝነበረ ኣስተብሂለ። ብውሽጠይ ከኣ*

*ተበሳጭየ። ይኹን ደኣ እምበር፡ ምኽንያት መምጽእየይ ናብኡ፡ ሕጹጽን ተባራዕን ኩነታት ኣብ ኢድና ይፈለሕ ከምዘሎ ገሊጸሉ። ናይ ራዛ ፕሮጀክት።*

*ብዛዕባ እቲ ንኽወረና ኣብ ተበገስ በጺሑ ዝነበረ፡ ናይ ደርጊ ራዛ ፕሮጀክት፡ ኣብ ሓደገኛነቱ ኣመልከተ ጸብጻበይ ምስ ኣቕረብክሉ፡ ብህጹጽ ተዋጋኢ ሰራዊት ከምድበልና ሓቲተ። ምሉእ ህዝቢ ምምሕዳር ቁ.1ን ታሕታይ ኣድያቦን፡ እዚ ወራር እዚ እንተ ዘይ ተኸላኺልናዮ፡ ክድምሰሶም ከም ምኳኑ፡ ኣዝዮም ፈሪሖም ከም ዘለዉ ኣብሪኄ።*

*ንሱ ግን፡ ኣብቲ ዘቕረብክዎ ጸብጻብ ከየድሃበ፡ ሓደ ሃንደበት ዝኾነ ዘረባ ኣስመዓኒ። ከም ናይ ቅብጥሮት ስመይ ገይሩ፡ ተስፋይ እሉ እዩ ዝጽውዓኒ። **"ተስፋይ፡ እንታ ፡ ዎ፡ ኣኽዋኽ ኣብጣል፡ ላኪን ፈውደጅን - ተጠንቀቕ"**። ንስኻን ኣሕዋትካን ጀጋኑ ኢኹም፡ እንተ ኾነ ግን፡ ፈውዳውያን ኢኹም - ተጠንቀቕ ምስ በለኒ፡ ስረይ ደኣ ኣየ ዘየ ጠልቁኹ እምበር ኣፍሪሑኒ። መነመን ኣሕዋተይ መነመን ከኣ ዘይ ኣሕዋተይ ከም ምንባሮም፡ ብናይ ባዕሉ ቃላት ገይሩ፡ ደኣ እዩ ዘይ ገለጸለይ እምበር፡ ብምልክታት ግን፡ ንሱ ንዓይ፡ ከምዛ ናይ በዓል ዓሊሳሊም ዝብልዋ፡ ዘይ ሓወይ ከም ምኳኑ፡ ገይሩ እዩ ኣሰምቢዱኒ ጥርያይ ዘይ ኮነስ፡ ከም ሓደ ገበል ኮይኑ እዩ ተሰሚዑኒ። ኣቡሽነብ፡ እንተ ዝሰምዖ ነይሩ፡ ዓገብ ምበሎ ነይሩ ዝብል እምነት ኣሕዲረ።*

*ዘረባና ብኸምኣ ምስ ደምደምና፡ ኣብኡ ገዲፈዮ ንቦታይ ተመሊሰ። ኦሮማይ ጀብሃ እንክብል ኣስተንቲነ። ኣነ ዘይ ፈልጥክዎ፡ ንሱ ካብ ከበሳ ክወርድ ከሎ፡ ምስ ብስጭቱ እዩ ነይሩ። ድሒረ ከም ዝሰማዕኩዎ ድማኒ፡ ገለ ሓይልታት ናይ ጀብሃ፡ ኣብ ከበሳ፡ እንኮላይ ንሱ ዝርከብዎም መራሕቲ፡ ንሓጺር እዋን፡ ብረቶም ኣረጊፎም፡ ጅሆ ሒዞምም ከም ዝነበሩ ሰሚዔ። ለካ ደኣ ኢለ … ሸለል ኢለዮ።*

*ንጽባሒቱ ምስ ኮነ፡ ንሱ ንኣውጋሮ ገጹ ጠንጢኑና ምስ ወረደ፡ ህዝቢ ድማኒ፡ ህላወ ናይ ዓብደላ ኣብቲ ከባቢ ከም ዘሎ ምስ ሰምዑ፡ ወከልቶም ሰዲዶም፡ ዘይ ረኸቦ ዘይ ብለይ ኣነ፡ ናባይ መጺኦም። ካብ ዓብደላ፡ ተዋጋእቲ ሓይልታት ክእዝዘሎም ክጠርዑ መጺኦም። ንኣውጋሮ ከም ዝወረደ ሓቢረ፡ ዕላዊ ደብዳበ ኣሰንየ፡ ኣርኪቦም ጥርዓኖም ከቕርቡ ኣፋንየዮም። ከምኡ ከኣ ገይሮም። ኣነ ናብኡ ስለ ዘመ ሓላለፍክዎም፡ ስለ ዘይ ተሓጎሰ ድማ፡ ብደብዳበ ገይሩ፡ ርእሲ ርእሰይ ምስ ኣሸምበበለይ፡ ሓንቲ ሓይሊ፡ ካብታ ኣብ መዓስከር ዳሰ፡ ዓስኪራ ዝነበረት ቦትጦሎኒ፡ ከም ዝኣዘዘሎም ኣፍሊጡኒ። ሓንቲ ሓይሊ? እዝግሄር ከምሕር ግን፡ ንተኣምር ህዝብና፡ ድሒኑ ደኣ እምበር፡ ካብ ዓብደላስ ጠፊእና ነይራ ኢና። ከምኡ እንተ ደኣ ነይሩ ኮይኑ ድሌቱ?*

*ብኽመይ ደኣ ደሓንኩም ንዝብል ሕቶ ድማኒ፡ ንጋሽን ባርካን ዝፈጠረ ፈጣሪ፡ ብኽምዚ ኣድሒንዎ። እቲ ወራር፡ ጅምር ከብልን ከቕህምን ሓደ ኮይኑ። እንታይ ተረኺበ? እንተ በልናስ፡ እቲ ብዛላምበሳ ዝጀመረ ወራር፡ ብዘይዳግም ስለ ዝተሳዕረ፡ እቲ ናባና ተሃንዲዱ ዝነበረ ወራር ከኣ፡ ዘየ ዋጽኦ መሲልዎ፡ ንድሕሪት ከም ዘንሰሓበ ፈሊጥና።*

*ብዛዕባ ናይ እቲ ኣብ ዛላምበሳ ዝነበረ ፍጻሜን ዓውታቱን፡ ምሉእ ሓቤሬታ ዘሎኒ እኳ እንተ ኾንኩ፡ ብኣካል ስለ ዘይ ነበርክሉ ግን፡ ክጸውየሉ ኣይ ደልን። እቲ ብተኣማምነት ክኸበር ዘለዎ ከኣ፡ ጀጋኑ ተዋጋእቲ ተጋደልቲ ተሓኤ፡ ኣብ ግምባር ዛላምበሳ ብዝ ተዃናጸፍዎ ዓውታት፡ ክሳብ ዶብ ሱዳን፡ ሚዛን ሓይልታት ናትናን ናይ ጸላእን፡ ኣብ ረብሓ ናትና ኮይኑ ተፈጺሙ። ንዓብደላ ግን፡ እዞም ሰብ ቅያ ተጋደልቲ፡ ፈወደጅን እዮም።*

*ንምንታይ እየ ነዚ ዝጠቐስክዎ፡፡ ተጋዳላይ ዓብደላን መልኣከን፡ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን፡ ብዝተፈላለየ ቃላት፡ ሓደ ዓይነት ኣስተምህሮ እዮም ሂቦሙኒ። ተጋዳላይ መልኣከ ንተጋዳላይ ዓብደላ፡ ከም ሓደ ገስጋሲ ተጋዳላይ ገይሩ ፈሊጡ፡ ብኻልእ ኣበሃህላ፡ ከምታ ዓብደላ ዝበለኒ፡* ***<u>መልኣከ ድማ ንዓይን ዝኸማይን፡ ደረቐኛታት ተጋድልቲ ከም ዝነበርና ገይሩ ተኻቲዑኒ።</u>*** *እቲ ፍልልይ፡ መልኣከ ንነዊሕ ሰዓታት ክካትዓኒ እንከሎ፡ ዓብደላ ግን ኣብ ሓጸርቲ ደቓቕ እዩ፡ ዘረባና ኮሊፉዎ።*

# ዝተጠቐምኩሎም ቃላት

| ፍቕዲ | ትግርኛ | እንግሊዝ |
|---|---|---|
| 1 | ውልዶ | *Adolescence* |
| 2 | ምዕራፍ | *Chapter* |
| 2.1 | መጽሔት | *Periodical* |
| 3. | ፈሊጣዊ | *Intelectual* |
| 4. | ፈጻሚት | *Executive* |
| 5 | ሕላገት | *Icon* |
| 6. | ምስግሳግ | *Bias* |
| 7 | መኽፈልቲ | *Snack* |
| 8 | ውጥን | *Objective* |
| 9 | ፍሉይ ሓልዮታዊ ክንክን | *Special treatment* |
| 10 | ጭንቀት | *Depression* |
| 11 | ተረኪሰን | *Exposed* |

*ጽቡቕ ወርሓት ትኹላትና።*

*fewsilybee@yahoo.co*